

## ናይ ቢ.ሲ.ጂ. ክታበት ወሲደ እንተነይረ ኸ?

ካብ ሕቡራት መንግስትታት ኣመሪካ ወጻኢ ዝኾና ሃገራት፡ ከም ኣካል ናይ’ቲ ሕማም ቲ.ቢ. ንምቍጽጻር ዘሰላስላኦ ፕሮግራም፡ ናይ ቢ.ሲ.ጂ. ክታበት ይጥቀማ፤ ብፍላይ ድማ ንናጽላታት። ውጽኢታውነት ናይ ክታበት ቢ.ሲ.ጂ. ካብ ሓድሕዱ ዝፈላለ ኰይኑ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሕማም ቲ.ቢ. ዝህቦ ውሕስነት ድማ ምስ ግዜ እናኣንቈልቈለ እዩ ዝኸይድ። ቢ.ሲ.ጂ.፡ ናይ ቲ.ቢ. መርመራ ቈርበት ኣብ እነካይደሉ እዋን፡ ኣሉታዊ-እወታዊ መልሰ-ግብሪ ከስዕብ ይኽእል። መርመራታት ደም ናይ ሕማም ቲ.ቢ. ብክታበታት ናይ ቢ.ሲ.ጂ. ዘይጽለዉ ኰይኖም፡ ኣሉታዊ-እወታዊ ውጽኢት መርመራ ኣይህቡን እዮም። ቢ.ሲ.ጂ. እንተተዋሂቡና (ብመልክዕ ክታበት ድዩስ ከም ኣካል ፍወሳዊ መስርሕ ናይ ሕማም መንሸሮ)፡ መርመራ ደም እንተተኻየደ ተመራጺ ይኸውን።

CERTAMEN AD FINEM PERGIT

THE FIGHT CONTINUES
TO THE END


ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA
ፕሮግራም ቍጽጽር ሕማም ቲ.ቢ
Lucas State Office Building
321 East 12th Street
Des Moines, IA 50319-0075

idph.iowa.gov/immtb/tb




# ነቶም ንሕማም ቲ.ቢ. ዝምልከቱ ሓቅታት ንፍለጦም



ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA
ፕሮግራም ቍጽጽር ሕማም ቲ.ቢ

ቲዩበርኩሎሲስ (ሕማም ቲ.ቢ.) ንሕሉፍ እዋን ዝምልከት ሕማም ጥራይ ኣይኰነን። ብዓለም ደረጃ፡ ሕማም ቲ.ቢ. – እንተላይ ንኤች.ኣይ.ቪ. ጸንቢርካ– ካብ ዝኾነ ይኹን ተላባዒ ሕማም ንላዕሊ ዝበዝሐ ህይወት ሰብ ይቐዝፍ። ሕክምናዊ ቊጽጽር ኣብ ዘይተገብረሉ ተርእዮ ሕማም ቲ.ቢ፡ ሓደ ካብ ክልተ ግዳያት ይመውት።

## ሕማም ቲ.ቢ. እንታይ እዩ?

ቲ.ቢ. ኣብ ኣየር ዝብተኑ'ሞ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝመሓላለፉ ባክተርያታት (ታህዋስያን) ዝጠንቑ ሕማም እዩ። ሕማም ቲ.ቢ. መብዛሕትኡ እዋን ንሳናቡእ የጥቅዕ (ቲ.ቢ. ሳንቡእ)። ይኹን እምበር ከም ሓንጎል፡ ጽኪን ዓንዲ ሕቘን ንዝኣመሰሉ ካልኦት ክፍልታት ኣካላት እውን ከጥቅዕ ይኽእል እዩ።

## ሕማም ቲ.ቢ. ብኸመይ ይላባዕ?

ሓደ ብሕማም ቲ.ቢ. ዝተጠቕዐ ሰብ ምስዝስዕል፡ ምስዘህንጥስ፡ ምስዝዛረብ ወይ ምስዝደርፍ፡ እቶም ሕማም ቲ.ቢ. ዘስዕቡ ታህዋስያን ናብ ካልእ ሰብ ክመሓላለፉ ይኽእሉ። በቶም ሕማም ቲ.ቢ. ዘስዕቡ ታህዋስያን ዝተበከለ ኣየር ዘስተንፈሰ ሰብ ክልከፍ ይኽእል። ኩሉ ብባክተርያ ሕማም ቲ.ቢ. ዝተለኽፈ ሰብ ይሓምም እዩ ማለት ግን ኣይኰነን። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ፡ ክልተ ምስ ሕማም ቲ.ቢ. ዝተኣሳሰሩ ኵነታት ኣለዉ፡- ሕቡእ መልከፍቲ/ረክሲ ሕማም ቲ.ቢ. (LTBI) ከምኡ'ውን ሕማም ቲ.ቢ.።

## ኣብ ሞንጎ LTBI ከምኡ'ውን ሕማም ቲ.ቢ. ዘሎ ፍልልይ እንታይ እዩ?

### LTBI

LTBI ዘለዎም ሰባት ኣብ ኣካላቶም ናይ ቲ.ቢ. ጀርምታት ኣለዎም፤ እቶም ጀርምታት ንጡፋት ስለዘይኰኑ ግን ኣይሓሙን። ዘይተሓከመ LTBI ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ገምገም ሕማም ቲ.ቢ. ናይ ምምዕባል ሓደጋ ይርከቡ ማለት'ዩ። ናይ ቲ.ቢ. ጀርምታት ናብ ንጡፋት ተቐዪሮም ሕማም ቲ.ቢ. ከየስዕቡ፡ ፍወሳ ናይ LTBI እንተተኻየደ ተመራጺ እዩ።

### ሕማም ቲ.ቢ.

ሕማም ቲ.ቢ. ኣለዎም ዝበሃሉ ሰባት፡ እቶም ኣብ ኣካላቶም ንጡፋት ዝኾኑ ጀርምታት ቲ.ቢ. ዘለውዎምን ብእኡ'ውን ዝሓመሙን እዮም። ምልክታት ቲ.ቢ. ሳናቡእ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡- ንልዕሊ ሰለስተ ሰሙን ዝጸንሕ ምስዓል፡ ምኽንያቱ ዘይተፈልጠ ምንቍልቋል ኣካላዊ ክብደት፡ ረስኒ፡ ረሃጽ ኣብ እዋን ለይቲ፡ ከምኡ'ውን ኣካላዊ ድኻም። ብሕማም ቲ.ቢ. ዝተጠቕዑ ሰባት ንጀርምታት ናይ'ቲ ሕማም ናብ ካልኦት ሰባት ከመሓላልፍዎም ይኽእሉ እዮም። ቲ.ቢ. ብመገዲ ውጽኢታዊ ሕክምና ክፍወስ ዝከእል ሕማም እዩ። ብሕማም ቲ.ቢ. ዝተጠቕዑ ሰባት ሕክምና ምስዘይረኽቡ፡ በቲ ሕማም ተዳኺሞም ክሞቱ ይእኽሉ።



## ከመይ ጌርና ናይ ቲ.ቢ. መርመራ ነካይድ?

### ናይ ቈርበት መርመራ

ናይ ቈርበት መርመራ እቲ ዝያዳ ልሙድ ዝኾነ መርመራ ናይ ቲ.ቢ. እዩ። ናብ ትሕቲ ቈርበት ናይ ኢድ፡ ውሑድ መጠን ፈሳሲ (ቲዩበርኩሊን) ብምውጋእ ድማ ይፍጸም። እቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል፡ መርመራ ቈርበት ካብ ዝተጀመረሉ እዋን፡ ድሕሪ 48-72 ሰዓታት ንቈርበት ኢድኩም ክፍትሾን እቲ ውጽኢት "እወታዊ" ድዩስ "ኣሉታዊ" ምዃኑ ክርኢ እዩ።

### ናይ ደም መርመራ

ካልእ ኵነታት ቲ.ቢ. ክንፈልጠሉ እንኽእል መገዲ፡ ፍሉይ መርመራ ደም ምክያድ እዩ። መርመራ ደም፡ ስርዓተ-ምክልኻል ኣካላትና ኣብ ልዕሊ'ቶም ሕማም ቲ.ቢ. ዘስዕቡ ታህዋስያን ክሳብ ክንደይ መልሰ-ግብሪ ከምዝህብ ይዕቅን። እቲ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህበኩም ኣካል፡ ነዚ መርመራ እዚ ንኸካይድ፡ ካብ ኢድኩም ደም ክወስድ እዩ። ሓንቲ ምኻድ ጥራይ እያ እተድሊ፤ ውጽኢት መርመራ ድማ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልትታት ክወሃብ ይከኣል እዩ።

| LTBI | ሕማም ቲ.ቢ. (ናይ ሳንቡእ) |
| --- | --- |
| እወታዊ መርመራ ቲ.ቢ. (ናይ ቈርበት ወይ ናይ ደም መርመራ) | ናይ ቲ.ቢ. መርመራ (ናይ ቈርበት ወይ ናይ ደም) ኩሉ ሳዕ እወታዊ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣሉታዊ ወይ ሞንጎ-ሞንጎ ክኸውን ይኽእል። |
| ንቡር ራጂ ናይ ኣፍ-ልቢ፡ | ዘይንቡር ራጂ ናይ ኣፍ-ልቢ |
| ምልክታት ዘይብሉ | ምልክታት፡- ሳዓል፡ ማለት ንልዕሊ 3 ሰሙናት ዝጸንሕ፡ ምኽንያቱ ዘይተፈልጠ ምንቍልቋል ክብደት ኣካላት፡ ረስኒ፡ ረሃጽ ኣብ እዋን ለይቲ፡ ከምኡ'ውን ኣካላዊ ድኻም |
| ዘይተላባዒ፡ | ተላባዒ ክኸውን ይኽእል |
| ፍወሳ ናይ LTBI እንተተዋህበ ዝሓሸ እዩ። | ክፍወስ ዝከኣል፡ ማለት ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒታት ብምጥቃም። |



## ውጽኢት መርመራ ቲ.ቢ. እወታዊ ምስዝኸውን ከ?

ናይ ቈርበት ድዩስ ናይ ደም መርመራ ናይ ሕማም ቲ.ቢ. እወታዊ ምስዝኸውን፡ ረኽሲ ናይ ቲ.ቢ. ኣጋጢሙና ክኸውን ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ ማለት'ዩ። እቲ ዘለና መልከፍቲ ናይ ቲ.ቢ. ናብ ሕማም ቲ.ቢ. ማዕቢሉ ከይከውን ንምርግጋጽ፡ እቲ ንዓኹም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝህብ ኣካል ናይ ኣፍ-ልቢ ራጂ ክእዝዘልኩም እዩ። ትስዕሉ ምስዝእትህልዉ፡ ወይ እቲ ናይ ኣፍ-ልቢ ራጂ ዘይንቡር ተርእዮ ምስዝህልዎ፡ ተወሳኺ መርመራ ኪካየደልኩም ከድሊ ይኽእል እዩ።

## ውጽኢት መርመራ ቲ.ቢ. እወታዊ ምስዝኸውን፡ መድሃኒት ክወስድ የድልየኒ ዶ?

እወ፡ እቶም ናይ ቲ.ቢ. ውጽኢት መርመራኦም እወታዊ ዝኾነ ሰባት ፍወሳ ኪካየደሎም - ኩሉ ሳዕ ተመራጺ እዩ። ፍወሳዊ መስርሕ LTBI ከም ልሙድ ን 6-9 ኣዋርሕ ዝወሃብ ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒት (ኣንቲባዮቲክ) ዘጠቓልል እዩ። LTBI ንምሕካም ኢልካ ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒት ምውሳድ፡ ነቲ ኣብ መዋእል ናይ'ቲ ሰብ ዘሎ ሕማም ቲ.ቢ. ናይ ምምዕባል ተኽእሎ፡ ብ 70-90 ሚእታዊት ከጕድሎ ይኽእል። LTBI ናብ ሕማም ቲ.ቢ. ምእንቲ ከይምዕብል፡ ንኹሎም እቶም ዝእዘዙልና ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒታት ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።

ሕማም ቲ.ቢ. ካብ 6-12 ኣዋርሕ ዝጸንሑ ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒታት ብምውሳድ ክፍወስ ይኽእል። እቶም ብሕማም ቲ.ቢ. ዝተጠቕዑ ሰባት ነቶም ዝተኣዘዙሎም ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒታት ክውድእዎምን በቲ ዝተሓበሮም መገዲ ክወስድዎምን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሰባት ነዞም ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒታት ቀልጢፎም ምስዘቋርጽዎም፡ ከም እንደገና ክሓሙ ይኽእሉ። ሰባት ነዞም ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒታት ብግቡእ ኣገባብ ምስዘይወስድዎም፡ እቶም ጀርምታት ገና ብህይወት ጸኒሖም፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ጸረ-ነፍሳዊ መድሃኒታት ተጻዋርነት ከማዕብሉ ይኽእሉ።

ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና IOWA - ፕሮግራም ቊጽጽር ሕማም ቲ.ቢ.፡ ንናይ LTBI ይኹኑ ናይ ሕማም ቲ.ቢ. ተሓከምቲ ብናጻ መድሃኒታት ይህብ።